# መዋእል ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ኣኽቲሙ'ዩ፡
# ስርዓት ኢሳያስ ክወድቕ ድማ ናይ ግድን ኢዩ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 15.04.2009

ኤርትራ ስለምንታይ'ያ ኣብ'ዚ ኵነታት'ዚ ወዲቓ፡ ዝብል ኣርእስቲ ምልዓል ኣዝዩ ገፊሕን ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ጽሑፍ ክውዳእን ከምዘይክእል ርዱእ'ኳ እንተኾነ፤ እቲ ሕቶ እዋናውን ዕሽሽ ኢልካ ክሕለፍ ዘይብሉን ኣገዳሲ ኣርእስቲ ምኻኑ ድማ ኣካታዒ ኣይኮነን። ብርእይቶና፡ ኤርትራ፡ ናብ'ዚ ሕጂ ዘላቶ ኵነታት ንኽትወድቕ ዝገበራ ጠንቂ ሓደ ዘይኮነስ ብዙሓትን ዝተሓላለኹን ጠንቅታት ኢዮም ዝብል እምነት ኣሎና። ከምኡ ውን፡ እዞም ጠንቅታት እዚኣቶም፡ ኣብ ኤርትራዊ ክውንነትን ረቋሕትን ጥራሕ ዝሕጸሩ ዘይኮኑስ፡ ኣህጉራዊ መንቀሊታን ጽልዋን (dimensions) ዘለዎም ምኻኖም ውን ንምስማር ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ገለ ካብ'ቶም ጠንቅታት ኣብ ውድቀት ናይ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ውን ልሉይ ተራ ዝነበሮም ምንባሮም ንምእማት ኢዩ። ገለ ካብ'ቶም ከም ጠንቅታት ክጥቀሱ ዝግብኦም ረቛሕቲ እምበኣር፡ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ዓለምና ኣብ ክልተ ዓበይቲ ደምበታት ምክፍፋላ፡-

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ዓለምና ኣብ ምዕራባውን (ርእሰ-ማላዊ) ምብራቓውን (ዴሳዊ) ደምበታት ኢያ ተኸፊላ። እዞም ክልተ ደንበታት እዚኣቶም ከኣ፡ ኣብ ክሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ነናቶም ጽልዋታት ንምስፋሕ፡ ኣብ ርሱን ኵሉ መዳያዊ ውድድር ኣተዉ (ዝሑል ውግእ)። እዚ ውድድራት'ዚ፡ ዋላ'ኳ ዝተፈላለየ ኣይድዮሎጂካዊ ሽፋናት ዝውሃቦ እንተነበረ፡ ንረብሓታቶም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝሰርዕ ውድድር ምንባሩ ድማ ኣሉ ክበሃል ዘይክኣል ካልእ ሓቂ ኢዩ። ኵለን እተን ኣብ መዋእል ዝሑል ውግእ ናጽነተን ዝረኸባ ይኹና፡ ዋላ እቶም ብዕልዋ ስልጣን ዝጨበጡ መንግስታተን ብሓደ ካብ'ዞም ክልተ ዓበይቲ ደንበታት ዝድገፉ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ምንባሮም ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ። እዚ ድማ፡ ነቶም ዲክታቶርያውያን መራሕቲ፡ ምቹእ ናይ ምግልባጥ ዕድል ኢዩ ሂብዎም። ብምዕራብ ዘይረኸብዎ ደገፍ ካብ ምብራቕ፣፣ ብምብራቕ ዘይረኸብዎ ደገፍ ድማ ካብ ምዕራብ ክረኽብዎ ይኽእሉ ነይሮም። ክሳብ ውድቀት ምብራቓዊ ደምበ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታትን ኣብ መጀመርያ ተስዓታትን ድማ፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ዲሞክራስያዊ ምርጫታት፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፡ ፍትሒ፡ ግዝኣተ-ሕጊ ...ወዘተ ዝብሉ ኣምራት ዘይርከቡ ወይ ሳሕቲ ቅልቅል ኢሎም ዝጠፍኡ ኣምራት ኢዮም ኵይኖም ጸኒሖም ክበሃል ይከኣል ኢዩ።

ሰውራ ኤርትራ ውን፡ በዚ ኵነታት'ዚ ይጽሎ ስለዝነበረ፡ ኣብ መንገኦ ክልቲኡ ስነ-ሓሳባት ናይ ክልቲኡ ደንበታት ክገላበጥ ይርከእ ነይሩ'ዩ። ኣብ ኣብ 70ታት ዝነበረ ጸጋማዊ ጭርሖታት ኣብ ሰማንያታት ክብለልን ብሊበራላዊ ዲሞክራሳዊ ጭርሖታት ክትካእን ተሰሚዑ ኢዩ።

2. ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያት ናይ ካልኦት ጣልቃ ዘይምእታው ዝብል ፖሊሲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡-

እዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ነቶም ስልጣን ብዓመጽ ዝጭብጡ ዲክታቶርያውያን ሓይልታት ምድረ-ገነት ኢዩ ፈጢሩሎም ጸኒሑ። ካብ ውሽጢ ዝመጾም ተቓውሞ እንተዘይኮይኑ፡ ብደገ ዝመጾም ስግኣታት ወይ ጸቕጥታት ኣይነበሮምን።

3. ድኽነት፡ ዝሓጸረ ጕደና ናብ ስልጣንን ሃብትን

ድኻታት ሕብረተ-ሰባት ብዛዕባ ዕለታዊ ነገራዊ መነባብሮኦም ደኣ'ምበር፡ ብዛዕባ መሰላቶም ክሓስቡ ዕድል የብሎምን። ዲሞክራሲ፡ ፍትሒ፡ ሰብኣዊ መሰል፡ ...ወዘተ ዝብሉ ነገራት ክረጋገጹ ዘይክእሉ

ናይ ቅብጠት ሃለኽቲ ኣቕሑ ኲይኖም (luxury goods) ኢዮም ዝስምዕዎም። ኣብ ድኽነት ዝሰፈኖ ሃገር፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዕለታዊ ሕልሚ ሰላም፡ ምርግጋእ፡ ንመነባብሮ ዝኸውን መሰረታዊ ነገራትን ምርካብዩ ዝኸውን። ነዚ ዝተገንዘቡ ውሑዳት ሰባት፡ ሰላምን ርግኣትን ንምንጋስ ብዝብል ምስምስ ንስልጣን ከም ዝሓጸረ ካብ ድኽነት ዝገላገልሉ መንገዲ ወይ ከም ምንጪ ናይ ሃብቲ ገይሮም ይጥቀምሉ።

ስልጣን ድሕሪ ምጭባጦም ድማ፡ "እታ ቅጫ ወይ እታ ሃንዛ ብምልእታ ንዓይ ወይ ንበይነይ" ካብ ዝብል መንቀሊ፡ ንህዝቢ ብዘይ ንሕስያ ይጭቁኑዎን፣ ብዓሌት፡ ሃይማኖትን ካልእ ኣይዲዮሎጂካዊ ፍልልያትን ይኸፋፍልዎን፣ ኣብ ርሱን ዓመጻዊ ውድድርን ናይ ሕድሕድ ውግኣትን ይነቕትዎን።

ኣብ'ዛ ብድኽነት እትልለ ክፍለ-ዓለምና ኣፍሪቃ ብዓመጻዊ ኣገባብ ናጽነት ዝተጓናጸፉ ሃገራት ይኹን ብዕልዋ ስልጣን ዝጨበጡ ጉጅለታት፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓታት'ዮም ምድኳኖም ድማ ጭቡጥ ምስክርነት ናይ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሓቅታት ኢዩ።

ኣብ ዓመጻዊ ወይ ጕነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ፡ ውሳኔ፡ ትእዛዝ፡ ሓሳብ ...ወዘተ ሰንሰለታዊ ብዝኾነ ኣገባብ'ዩ (Hierarchic) ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝወርድ። ህዝብን ታሕተዎት ጽፍሕታት ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ትካላትን ዝኾነ ይኹን መሰል የብሎምን። እቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ መራሕቲ፡ ንሕና ተቓሊስና፡ ተሰዊእና፡ ቈሲልና፡ ንህይወትና ኣብ ሓደጋ ኣእቲና ዘምጻእናእዮ ስልጣን ተበለጽቲ ክምንዝዕዎ ኣይነፍቅድን ብዝብል ምስምስ፡ ንተሳትፎ ናይ ዝሰፍሐ ክፋል ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ይጕስይዎ። ከም ውጽኢቱ፡ ንምልኪ ምቹእ ዝኾነ ባይታ ይፍጠር። ብደም ዝመጸ ስልጣን ብደም ወይ ብዓመጽ ኢዩ ዝምንዛዕ ዝብል ኣረዳድኣን ባህልን ክሰፍን ከኣ ግድን ይኸውን።

4. ዝተጋነነ ሃገራውነት (nationalism):-

ዲክታቶርያውያን፡ ዝለዓሉ ተጣበቕቲ ናይ ሃገርን ህዝብን መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም ዝፍትኑ። ንረብሓ ናይ ሃገርን ህዝብን ብዝብል ምስምስ ኵሉ ዓይነት ሰብኣዊ ግፍዕታትን ግህሰታትን ይፍጽሙ። ንመወዳድርቶም ብኽሕደትን ትሕተ-ሃገራውነትን ይኸሱ። ህዝቢ ባኒ እምበር ሰልፍታት ኣየድልዮን ኢዩ፤ ናጽነትን ልዑላውነትን እንተዘይተረጋጊጹ ዲሞክራሲ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ እናበሉን ይሰብኩ። ንናይ ህዝቢ ኣትኵሮ ንግዳም ንምስሓብ ምስ ጕረባብቲ ሃገራትን ካልኦት ናይ ወጻኢ መንግስታትን ግርጭታትን ውግኣትን ይጽሕትሩ።

በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ንልዑላውነትን ናጽነትን ሃገር ተጣበቕቲ መሲሎም ንሓፋሽ ህዝቢ ዘደናግሩ ስርዓት ኢሳያስ ዝርከቦም ብዙሓት ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ተራእዮም ኢዮም። ብተግባር ግን፡ ህዝቢ ኣደዳ ድኽነት፡ ህልቂትን ውግእን ኲይኑ ይተርፍ፤ ንሳቶም ከኣ፡ ንኵሉ ሃብትን ጸጋን ሃገር እናንሕጡሑ ኣብ ሃሃገሮም ዘይሕሰብን ዘየለን ናይ ምቾት ናብራ ኢዮም ዘሕልፉ።

5. ፍርሕን ስቕታን ምንጋስ:-

ፍርሒ እንተልዩ፡ ሓቂ ተቐቢራ'ያ ትነብር። ከምኡ ውን፡ ኣነ እንታይ ገደሰኒ ቀርበተይ ዘበላሹ ዝብል ስምዒት ይነግስ'ሞ፡ ምቅዋም ከም ሓጥያት ተቘጺሩ ብስቕታ ክትካእ ግድን ይኸውን። ዲክታቶርያውያን፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ፡ ንህዝቢ ንምስንባድን ብኡ ኣቢሎም ውን ንምንብርካኹን ግሉጽን ስውርን ናይ ራዕዲ ተግባራት ይፍጽሙ። ፍርሒ ንምንጋስ፡ ንቕትለት፡ ማእሰርቲ፡ ዓዛብን ጸለመን ከም ናይ ቀንዲ መሳርሒታቶም ይጥቀምሉ። ካብ'ዚ ሓሊፎም ውን፡ ህልውናን ቀጻልነትን ናይ'ቲ ዲክታቶር ንህልውናን ቀጻልነትን ሃገርን ህዝብን ዘረጋግጽ ኣድላዪ ቅድመ-ኵነት ምዃኑን፣ ዲሞክራሲ ንህዝቢ ናብ ኣውራጃዊ፡ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ምጕጅጃላት ዝነቑትን ኣሉታዊ መስርሕ ገይሮም ክገልጽዎ ይስምዑ። ትማሊ፡ ብዘይ ሃይለስላሰ ወይ ብዘይ መንግስቱ ሃይለማርያም ኢትዮጵያ ፋሕ ክትብል'ያ ይብሃል ነይሩ። ሎሚ ድማ፡ ብዘይ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኤርትራ ፋሕ

ክትብል'ያ ይብሃል ኣሎ። እዚ ውን እንተኾነ፡ ዲክታቶርያውያን ህዝቢ ንዘለዎ ፍቕሪ ንሃገሩ እናመዝመዙ፡ ዕድመ ስልጣኖም ንምንዋሕ ዝጥቀምሉ ተወሳኺ ፍርሒ ናይ ምንጋስ ስልቲ ኢዩ።

**ድሕሪ ተስዓታት ዝተፈጥረ ሓድሽ ኩነታት፦**

ካብ መወዳእታ ሰማንያታትን መጀመርያ ተስዓታትን ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ግን፡ ሓድሽ ኩነታት ኢዩ ተፈጢሩ። እታ ኣብ ክልተ ደንበታት ተኸፊላ ዝነበረት ዓለምና፡ ሓደ ምኳና፤ ዲክታቶርያውያን ክገላበጥሉ ዝጸንሑ ባይታ ከምዝጻበብ ገይሩ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ዶባት ናይ ሃገራት ብውልቀ መንግስታት ይኹን ብምብራኽ ናይ ኣህጉራዊ ትካላት ክጠሓስ ጀሚሩ። ብፍቓድ ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ናይ ነቶ ሓይልታት ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣውሮጳ ክኣትዉ፣ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ዳርፉር፡ ኮንጎ፡ ሶማልያ …ወዘተ ናይ ሕብረት ኣፍሪቃን ኣህጉራውን ናይ ሰላም ዓቀብቲ ሓይልታት ክሰፍሩ፣ ከምኡ ውን፡ ኣመሪካ ኣብ ዒራቕ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል፡ ሩዋንዳ ኣብ ዲሞክራስያዊት ሪፑብሊክ ኮንጎ …ወዘተ ክኣትዉ ተራእዮም ኢዮም።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ዝተፈላለዩ ዓይነታት እገዳታት ክገብር ውን ይርአ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ ሰሜን ኮርያ፡ ዚምባብወ፡ ኩባ …ወዘተ ዝተፈጸመ እገዳታት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል ኢዩ። እገዳ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ጅምላዊ ሰብኣዊ ህልቂት፡ ናይ ውግእ ገበናት፡ ናይ ዓሌት ምጽናት ተግባራት … ፈጺሞም ተባሂሎም ንዝኽሰሱ ዲክታቶርያውያን መራሕቲ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክቐርቡን ክቐጽዑን ውን ተራእዮም ኢዮም። ናይ ላይበርያ፡ ቻርለስ ተይለር፣ ከም ሚሎሶቪች፡ ረዶቫን ካሪችችን ዝኣመሰሉ ናይ ቀደም ዩጎዝላቭያ መራሕትን ካልኦትን ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም መቕጻዕቶም ምውሳዶም ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ከምኡ ውን፡ ብህዝቢ ንዝተመርጹ መንግስታት ዓልዮም ስልጣን ክሕዙ ዝፈተኑ ሓይልታት ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብርቱዕ ተቓውሞ የጋጥሞም ኣሎ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ሴራልዮን፡ ማዳጋስጋር፡ ጊኒ ኮናክሪ …ወዘተ ዝተፈጸሙ ዕልዋታት ከቢድ ዝኾነ ናይ ዓለምና ኩነኔን ተቓውሞን ኢዩ ኣጋጢምዎም። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ፡ ኣብ ዘለናዮ መዋእል ዲክታቶርያውያን ናብ ስልጣን ዝመጽሉ ይኹን፣ ኣብ ስልጣን ዝቕጽልሉ ባይታታት እናጸበበ ይመጽእ ምህላዉ ብሩህ ኢዩ። እዚ ማለት ግን፡ ናይ ሓያላትን ሃብታማትን ሃገራት ብክልተ ኢድካ ናይ ምብላዕ ተግባራት ጠሪሱ ኣብቂዑ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ካብ ንግዳውን ዲፕሎማስያውን ካልእ ፖለቲካዊ ረብሓታት ነቒሎም ንዲክታቶርያውያን ስርዓታት ዝድግፉ ሓያላት መንግስታት ጌና ምህላዎም ምዝንጋዕ ኣይግባእን።

እዚ ናይ ለውጢ ንፋስ፡ ኣብ ሃገርና ይነፍስ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ንፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስን ምሕደራኡን ፎእ ኢልዎ ኣሎ። ፈሪሑ እንተዘይኮይኑ እዚ ስርዓት'ዚ ከልግሰሉ ዘይደሊ ኤርትራዊ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ኣህጉራው ማሕበረ-ሰብ ውን እንተኾነ፡ ንስርዓት ኤርትራ ከም ባእታ ናይ ዕግርግርን ዘይምርግጋእን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ'ቲ ዞና ኢዩ ዝፈልጦ። ገለገለ ሃገራት ውን፡ ክሳብ እገዳ ንምግባርን ኣብ መዝገብ ናይ ፈጠርቲ ራዕዲ ክምዝግባ ክመጣጠራ ተራእየን ኢየን። ስርዓት ኣስመራ፡ ብኸቢድ ዝኾነ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ይሳቐ ኣሎ። ህዝቢ ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ምንባር ኣይከኣልን'ዩ ናብ ዝብል ዕግበት ዝበጽሓሉን፤ ኣብ ግሉጽ መኸተ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ዝኣትወሉን ግዜ ውን ርሑቕ ኣይኮነን።

እቲ ተሪፉ ዘሎ፡ ነዚ ፈኸም እናበለ ዝዓቢ ዘሎ ናይ ህዝቢ ተቓውሞታት ዝመርሕ ኣካል ኢዩ። ብቑዕ ንባብ ናይ'ቲ ኩነታት ዘይብሉን፣ ብቑዕ ምርሒት ክህብ ዘይክእልን ኣካል ክመርሕ ይኹን ክዕወት ስለዘይክእል፡ ነዚ ናይ ድኽመት ነጥቢ ብህጹጽ ምውጋድ ዕዙዝነቱ ዓቢ ምኳኑ ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ስለዝኾነ ድማ፡ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ቅድሚ ዓቢ ታሪኻዊ ብድሆ ደው ኢሉ ምህላውን፤ ማዕረ'ዚ ብድሆ'ዚ ክብ ክብልን ይጥለብ ከምዘሎን ክግንዘብ ይግባእ።